## 4) እንታይ አዩም አቶም ወጻኢታት?

- ናይ ቪዛ መሕተቲ ክፍሊት፣ ኣብዚ እዋን እዚ 180 ኤውሮ ።
- ወረቓቕቲ ንምውጻ፣ ንምቱርጓም፣ ሕጋዊ ንምግባርን ዝወጹ ወጻኢታት።
- ናይ ጉዕዞ ወጻኢታት፣ ናብቲ ኤምባሲ ንምጉእዓዝ ዝወጽአ ወጻኢታትን ንበልጁም ንምምጻእ ናይ ኣየር ቲኬት ወጻኢ።
- ናይ ሕክምና ወጻኢታት (ናይ ጥዕናዊ መርመራ ወረቀትን ናይ DNA መርመራን)፣

መተሓሳሰቢ፡.ብጃካ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ኣባላት ስድራቤት ናይ ዑቑባትን ሰብኣዊ ዑቕባ ተረባሕትን ካብ ተወሰክቲ ምምሕዳራዊ ክፍሊታት ናጻ እዮም።(ልዕሊ ዕድመ ሓተቲ ሰብኣዊ ቪዛ ካብ ተወሰክቲ ክፍሊታት ናጻ ኣይኮኑን።)

## 5) እቲ መስርሕ ክንደይ ጊዘ ይወስድ ?

ካብታ ናይ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ፎርም መሊእካ ዘቕረብካላ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 9 ወርሒ ፣ ሰበስልጣን በልጁም ውሳኔ ክወስዱ ኣሎዎም። ኣብ ፉሉይ ኣጋጣሚታት፣ እዚ ንክልተ ጊዘ ን 3ወረሒ ክናዋሕ ይኽእል። እንተ ደኣ መልሲ ካይተዋህበ ግን 9 ወርሒ ሓሊፉ(ተናዊሑ) ፣ ኣባላት ስድራካ ናይ በልጁም መንበሪ ፍቃድ ይወሃቦም።

## 6) እንታይ ዓይነት ውሳኔታት ይወሃቡ?

ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽን ነዞም ዝስዕቡ ወሳኔታት ክህብ ይኽእል።

- ኣወንታዊ ውሳኔ፣ ኣባላት ሰድራቤትካ ቪዛ ጥርናፈ ስድራቤት ማለት D ቪዛ ይረኽቡ።
- ግዝያዊ እገዳ ፣ ኣብ ናይ DNA መርመራ ዝተሞርኮሰ: እንተ ደኣ እቲ ናይ DNA መርመራ ኣወንታዊ ኮይኑ፣ እቲ ቪዛ ይወሃብ።
- ኣሉታዊ ውሳኔ : እቲ ጠለብ ቪዛ ይንጸግ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት፣ ሕጋዊ ምኽሪ ካብ ጠበቓ ወይ ካብ ኣብ ከምዚ ዓይነት ዝሰልጠና ማሕበራት ሕተት። ሓዲሽ ናይ ቪዛ ጠለብ ምቕራብ ወን ይከኣል እዩ።

## 7) ዝያዳ ሓቤርታ ኣበይ ክትረክብ ትክእል?

ንዝያዳ ሓቤረታ ብዛዕባ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤትን ክተሓጋግዛካ ዝኽእላ ማሕበራትን፣ ኣብዚ ዝቕጺል መርበብ ሓበረታ ዝርከብ ናይ መምርሒ ጽሑፍ ብዛዕባ መስርሕ ናይ ስድራቤት ምጥርናፍ ንተጠቀምቲ ኣህጉራዊ ዑቑባ ተወከስ። http://bit.ly/2OGPXC9

**ኣብቲ ጊዘ መስሪሕ፣ ንሕጊ ዝምልከት ንዝምልከቶ በዓል ሞያ ተወከስ!**

ዝያዳ ሓቤረታ ብዛዕባ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ንምርካብ ነዛ ወግዓዊት መርበብ ሓቤረታ ናይ ቤት ጽሕፈት ኢምግረሽን በልጁም ተወከስ
http://bit.ly/2ScN2PV

ኣብ ደገ ዝርከቡ ናይ በልጁም ዲፕሎማስያውያን ቤት ጺሕፈታት ንምርካብ፣ ኣብዚ ዝቕጺል መርበብ ሓቤረታ ተወከስ
http://bit.ly/2PeV4Js

ኦን ላይን ኣብ መርበብ ናይ ቪዛ ጠለብ ምቕራብ ይከኣል (ዝከኣል ተኾይኑ) ንምግባር ኣብዚ ዝቕጽል መርበብ ሓቤረታ ተወከስ:
http://bit.ly/2ScO5PR

ንዝያዳ ሓቤረታ ነዛ ቪድዮ ብዝዓባ ምጥርናፍ ስድራቤት ምዕዛብ ይካኣል።
http://bit.ly/2DODkMe

ነቲ QR ኮድ ስካን ብምግባር ንቲ ቪድዮ ምዕዛብ ይካኣል።

UNHCR
The UN Refugee Agency

UNHCR
The UN Refugee Agency

# ምጥርናፍ ስድራቤት ዑቕባ ዝተዋህቦምን ምስ ተጠቀሚ ሰብዓዊ ዑቕባ ኣብ በልጁም

TIGRINYA



## 1) ብመስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት መን ናብ በልጅም ክጽንበረካ ይክእል ?

በዓልቲ ቤትካ ወይ ምዝግብቲ መጻምድትካ፣

ትሕቲ 18 ዝዓመቱ ውሉድካ፣

18 ወይ ልዕሊኡ ዕድመ ዘለዎ ጽግዕተኛ ስንኩል ውሉድካ፣

ወለድካ፣ አንተ መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ኮይንካ።*

ብተወሳኺ፣ ካልኦት ኣባላት ሰድራቤትካውን ናይ በልጅም መንበሪ ፍቓድ ብምክያት ሰብዓዊት ክወሃቦም ይክእል።

*ወለድኻ ነቲ መሕተቲ ቐጥዒ ቅድሚ ንሰካ፧ንስኪ ዕድመ ምብጻህካ/ኪ ከቅርቡ ኣለዎም። ንሰካ፣ንስኪ ግን ኣብ መስርሕ መሕታት ዑቑባ እንከለካ ወዲ/.ጓል ኣኪልካ/ኪ ፤ ወለድካኪ/ ካብታ ንስካ/ኪ ወረቐት ናይ ዑቑባ ዝተዋህብካላክላ ዕ/ለት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ንምጥርናፍ ሰድራ ክሓቱ ይኽእሉ ።ኣሕዋትካን ኣሓትካን ውን እንተድዓ ክምቲ ናይ ወለድኻ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ሐቲቶም ሰብዓዊ ቪዛ ብምርካብ ናብ በልጅም ክፅንበሩካ ይኽእሉ።

## 2) ነቲ ናይ ምጥርናፍ ሰድራ መሕተቲ ምስ መላእናዮ ኣበይ ነቕርቦ ?

ኣባላት ስድራካ ነቲ ዘዳለውዎ መሕተቲ ቅጥዒ ነቲ ትነብረሉ ከባቢ ዝተመዘዘ ናይ በልጂም ኤምባሲ ወይ ቆንስል ከይዶም ከቕርብዎ ይግባእ:( ናብቲ ነዚ ጉዳይ ንምፍጻም ስልጣን ዝተዋሕበ ናይ በልጂም ኤምባሲ ወይ ቆንስል ምቕራብ ምስ ዘጸግም ዘይከኣል ግን ናብ ዝኾነ ካልዕ በልጂም ኤምባሲ ወይ ቆንስል እቲ ነቲ ጠለብ ናብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ኢምግረሽን የመሃላልፎ፣ በቲ ክፍሊ እቲ ከኣ ውሳነ ይወሃብ።

## 3) ኣየኖት ሰነዳት ኢና ክነቕርብ ዘለና?

ነቲ ናይ ግዘ ገደብ ክተስተብሕልሉ ይግባእ! አንተ ደኣ ኣባላት ስድራካ ነቲ ጠለብ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ድሕርቲ ናይ ስደተኛ ዑቅባ ወይ ሰብኣዊ ዑቅባ ምርካብካ ጌሮሞ፣ ተወሳኪ መርቶዖ ከም ብቑዕ መንበሪ ገዛ፣ ናይ ሂወት መድሂን፣ከምኡውን ብቑዕን ዉሑስን መነባብሮ ኣብ በልጂም ከምዘሎካ ንከተምጽአ ኣይትሕተትን።

ኣብ ከምዚ ኩነታት፣ ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ክተቕርብ ኣሎካ/ኪ።

ዝተፈረመ ናይ ቪዛ መሕተቲት ቅጥዒ ምስ ኣብ ቀረባ አዋን ዝተሳኣልካያ ናይ መንነት ስአሊ፣

ሕጋዊ ናይ ግዕዞ ወረቀት (ሃገራዊ ፓስፖርት፣ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ናይ ስደተኛታት(1951 ውዕል) ወይውን ብናይ በልጁም ሰበስልጣን ዝተዋህበ ናይ መገሺ ሰነድ

ነናይ ነብስ ወከፍ ውሉድ ናይ ትውልዲ ወርቐት(ናይ ክብሪ መዝገብ ሰነድ)ንደቕካ፣ እዚ ምስ ዘይሕልዎም ግን፤ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽን በልጁም ናይ DNA መረመራ ክሓትት ይክእል።

ንበዓልቲ ቤትካ /ሰበይትካ፣ ናይ ቃል-ኪዳን ሰነድ።

ንምዝግብቲ መጻምትካ፣ ናይ ዝምድናኩም ዉዑል ከምኡውን ሓቀኛ ን ርጉእ ዝምድና ከምዘለኩም ዘረጋግጹ መርትዖታት ምቅራብ የድሊ ።

አንተ ኢቲ ኣባል ስድራካ 18 ወይ ልዕሊኡ ኮይኑ፣ ካብ ገበን ናጻ ከምዝኮነ ዘርኢ ሰነድ ምቅራብ የድሊ።

በቲ ብናይ በልጁም አምባሲ ወይ ቖንስል ዝተመዘዘ ሓኪም ዝተዳለወ ኣባላት ሰድራቤትካ ካብ ዝኾነ ተላባዒ ሕማም ንናይ ሕብረተሰብ በልጁም ኣብ ሃደጋ ዘውድቑ ናጻ ምኳኖም ዘረጋግጽ ናይ ሕክምና ሰነድ።

ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ዉሉድካ ወይ ናይ በዓልቲ ቤትካ ወይ መጻምትካ (ዘይሓባራውያን ቆልዑት)፣ →

ከም ኣድላይነት ናይቲ ኩነታት ናይቲ ውልቀ ሰብ፣

1. ፍቓድ ካብ ሞግዚት ዝተዋህቦ ሰብ።
2. ፍቃድ/ትእዛዝ ናይ ቤት ፍርዲ እቲ ኣብ በልጁም ዝርከብ ወላዲ ሙሉዕ ናይ ሞግዚትነት ስልጣን ከም ዘለዎ ዘረጋግጽ ሰነድ።
3. ናይ ምውት መረጋገጺ ሰነድ እቲ ወላዲ፧ት ምውት ምስ ዝኸውን
4. ናይ ፍትሕ መረጋገጺ ሰነድ ምስታ ናይ ቀደም መጻምዲ(ወላዲት፧ወላዲ)

- ብመሰረት ሕጊ መበቖል ሃገር ናይ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ዘፍቅድ ኮይኑ፤ ትሕቲ ዕድመ ውሉድካ ከምዘይተመርዓወ ዘረጋግጽ ሰነድ።
- ን 18 ወይ ልዕሊኡ ዝዕድመኡ ስንክልና ዘለዎ ጽግዕተኛ ዉሉድካ፣ ብናይ በልጁም አምባሲ ወይ ቖንስል ዝተፈልጠ ሓኪም ዝተዳለወ ናይ ጥዕና መርመራ ሰነድ ዉሉድካ ብሰንኪ ስንክልናኡ መዓልታዊ መነባብርኡ ብዘይ ሃገዝ ንበይኑ ና ክመርሕ ከትመርሕ ዘርጋግጽ ።
- ቅዳሕ ናይ በልጁም መንበሪ ፍቃድን፣ ናይ ስደተኛ ዑቅባ ወይ ሰብኣዊ ዑቅባ ናይ ውሳኔ ወረቀትን።

ኩሎም አቶም ካብ ካልእ ሃገር ዝለኣኩ ኦርጂናል ወረቃቅቲ በቲ ኣዳላዊ በዓል መዚ ብቐዳምነት ሕጋዊ ክኮኑ ኣሎዎም ቀጺሉውን ሕጋውነቶም ብሰበስልጣን በልጁም (ኤምባሲ ወይ ቆንስል)ይረጋገጽ ።ብተወሳኺ ፣ ኩሎም አቶም ካብ ካልእ ሃገር ዝለኣኩ ሰነዳት ፣ አንተደኣ ካብ ቛንቛታት ጀርመን፣ ኢንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይን ወጻኢ ተዳልዮም ኮይኖም ፣ ብሕጋዊ ቶርጓማይ ክቱርጎሙ ኣሎዎም።